# ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ብቐሊል ኣገላልጻ

## ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ

ኣብዚ እዋን እዚ ሓድሽ ሕማም መጺኡ ኣሎ።
እዚ ሕማም ካብ ኮሮና ቫይረስ ዝመጸ እዩ።

ሓደ ቫይረስ ናይ ሓደ ሕማም መለዓዓሊ እዩ ።
ሓደ ቫይረስ ኣዝዩ ንኢሽተይ እዩ።
ሓደ ቫይረስ ን ሰባት ዘሕምም እዩ።
ዝሓመሙ ሰባት ንኻልኦት ሰባት በቲ ቫይረስ ጌሮም ድማ ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ናይ ወድሰብ ኣካል ድማ ነቲ ሓድሽ ቫይረስ ገና ኣይፈልጦን እዩ።
ሓደ ኣካል ድማ ኣንጻር እቲ ቫይረስ ወለሓንቲ መከላኸሊ የብሉን : ስለዚ ድማ ደቂ ሰባት ይሓሙ።
ቅድሚ ሓደ ዝተወሰነ ሕማም ክታበት እዩ ዝከናኸን።
ኣብዚ ግዜ እዚ ኣንጻር ኮሮና ቫረስ ዋላ ሓንቲ ክታበት የለን።

## ምልክታት ሕማም ኮሮና ቫይረስ

- ዓፈፍ ምባል
- ሰዓል
- ረስኒ
- ከቢድ ፀገም ኣብ ምስትንፋስ

እቲ ሕማም ንመብዛሕትኦም ሰባት ወልሓንቲ ጉድኣት የብሉን : እቲ ሕማም ንሓድ ሓደ ሰባት ብጣዕሚ ሓደገእኛ ክኸውን ይኽእል እዩ : ብፍላይ ድኹም ዝበሉን ከምኡውን ዕድመ ድፍእ ዘበሉን ሰባት።

## ብኸምዚ ዝስዕቡ ሜላታት ነቲ ሕማም ክንከላኸሎ ንኽእል

- የእዳው ብተደገጋሚ ጊዜ ብሳምና ጌርካ ምሕጻብ
- የእዳው እንተወሓደ ን 20 ሰከንድ ክሕጸብ ከምዘለዎ
- ከምኡ ውን ድሕሪ ምስዓልን ምህንጣስን
- ከምኡ ውን ድሕሪ ኣፍንጫ ምጽራይ
- ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ኣውቶቡስን ባቡርን ምጥቃም
- ኣብ መንጎ ዝስዕሉን ዥህንጥሱን ሰባት ርሕቀት ወይ ድማ (ዲስታንስ) ምሕላው
- ን ካልኦት ሰባት ብኢድኩም ሰላም ኣይትበሉ
- ን ሰባት ኣይትሕቖፉ
- ብዙሕ ሰባት ዝእከቡሉ ቦታ ምውጋድ
- ን ገጽኩም ኣይትተንከፍዎ
- ብርጭቆን መመታተሪን ምስ ካልኦት ሰባት ዘይምጥቃም
- ስማርትፎንን ታብሌትን ብ ኣምካኒ ፈሳሲ (Desinfektions-Mittel) ጌርካ ምጽራይ
- ኣምካኒ ፈሳሲ (Desinfektions-Mittel) : ሓደ ዝተወሰነ ፈሳሲ ኮይኑ ነቲ ሕማም ዘምጽእ ዝቀትል እዩ

## ክትስዕሉ ወይ ውን ህንትጨው ክትብሉ እንተደኣ ደሊኹም እዘን ዝስዕባ ኣገደስቲ ነጥብታት ተኸተሉ።

ክትስዕሉ ወይ ውን ህንትጨው ክትብሉ እንተደኣ ደሊኹም
ካብ ካልእ ሰብ ተጠዊኹም ስዓሉ ።

- መንዲል ተጠቀሙ
- በቲ ዝሓዝናዮ መምዲል ኣብ ውሽጢኡ ክንስዕልን ህንትጨው ክንብልን ይግባእ
- እቲ ዝሓዝናዮ መዲል ሓደ ጊዜ ምጥቃም
- እቲ መንዲል ድሕሪ ምጥቃሙ ኣብ ጎሓፍ ንሰንድዎ

## መንዲል እንተደኣ ዘይብልኩም ኮይኑ:

ኢድኩም ወይ ድማ ቅልጽምኩም ኣብ ቅድሚ ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ዕጸፍዎ። ቅልጽም ምዕጻፍ እቲ ናይ ውሽጢ መላግቦ ናይ ኩርናዕ ኢድ እዩ።

## እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ምዕዶ እንተደኣ ተጠቂምኩሙሉ:

ቀልጢፍኩም ክትሓሙ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

## ናይ ምሕማም ስምዒት እንተደኣ መጺኡኩም:

ብዙሕ ክትፈርሁ የብልኩምን : ምናልባት ጉንፋዕ ክኸውን ስለዝኽእል።

## ኮሮና ቫአረስ ኣለና ዝብል እምነት እንተደኣ ኣለኩም ኮይኑ:

- ብኽብረትኩም ኣብ ገዛ ትረፉ
- ን ኣስራሒኹም ሓሚምኩን ከምዘለኹም ሓብርዎ
- ን ሓኪምኩም ደውሉሉ
- ናብቲ ሓኪም ዝርከበሉ ቦታ ብቀጥታ ኣይቲኺዱ
- ነቲ ናትኩም ሓኪም ኣብ ተለፎን ኩሉ ነገር ክትገልጹሉ ትኽእሉ ኢኹም

እቲ ሓኪምኩም ድማ ሓደ ሓደ ሕቶታት ክሓተኩም እዩ : ድሕሪኡ እንታይ ከምትገብሩ ድማ ክነግረኩም እዩ።

## ነቲ ናትኩም ሓኪም እንተደኣ ክትረኽብዎ ዘይከኣልኩም?

- ናይ ቅሩብነት ኣገልግሎት (Bereitschaft-Dienst) ደውሉ
- ኣብዚ ኩሉ ጊዜ ሓደ ሓኪም ክትረኽቡ ኢኹም
- ቁጽሪ ተሌፎን: 116 117.

# ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ዝምልከት ሕቶ እንተደኣ ኣለኩም ኮይኑ?

**ብዛዕባ ሓደ ሕማም ይኹን**
ወይ ድማ
**ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ**

- ✓ ኣብቲ ናይ ሓፋሽ ተሌፎን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም
- ✓ እቶም ኣብ ሓፋሽ ተሌፎን ዝሰርሑ መሳርሕቲ ሕቶታኩም ክምልስዎ እዮም
- ✓ እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ሕማማት ብልክዕ ዝፈልጡ እዮም
- ✓ ቁጽሪ ተሌፎን: 030 346 46 51 00 ፈደራላዊ ምኒስተር ጥዕና (Bundes-Ministerium für Gesundheit).

ናይ እዝኒ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ሰባት ምስ እቶም ሰራሕተኛታት ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም።

Fax: 030 340 60 66 07
E-Mail: info.gehoerlos@bmg.bund.de [1]

---

**Quell URL:** https://soziales.hessen.de/gesundheit/infektionsschutz/informationen-zum-corona-virus-leichter-sprache